Eritrean Blin Organisation ሆደ ሙርቛ ብሊን منظمة البلين الإرترية

## ደምዳሚ መግለጺ

## <u>ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርቛ ብሊን።</u>

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርቛ ብሊን ካብ ዕለት 16 ክሳብ 18 መጋቢት 2010 ዘሎ ግዜ ዕውት ዝኾነ ኣኼባ ኣሰላሲሉ። ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርቛ ብሊን ኣብ ኣኼቡኡ ንህልዊ ዓለማውን ዞባውን ሃገራውን ኩነታት ብዕምቈት ድሕሪ ምግምጋም፡ነዚ መድረኽ ከስርሖ ዝኽእሉ መደባት ሐንጺጹ።

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርቛ ብሊን ካብቶም ኣገደስቲ ዛዕባታት ዝራዮም እቲ ኣብ ዓለምና ኣጓኒፉ ዘሎ ገንዘባወን ቁጠባውን ቅልውላው ቀጺሉውን ኣብ ኩሉ ሰክትራት ዝለሐመ ገና ኣብ ልዕሊ ዝሰፍሖ ክፋላት ኢኮኖሚ ወላ'ኳ ገለ ለውጢ እንተርአየ ጽልውኡ ይቅጽል ምህላው ርእዩ።ኣብ ግሪኽ፣ ዱበይ፣ ከምኡውን ኣብ ሙሉእ ዓለም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ናይ ፋብሪካን ክፍሊ ንግድን ሰራሕተኛታት ብዘይ ስራሕ ምትራፍን ከም ውጺኢቱ ዋጋ ናይ ሃለኽቲ ነገራት ምኽባርን ዓበይቲ ሰብ ርእሰ-ማል ፈሪሆም ገንዘቦም ካብ ምውፋር ተቖጢቦም ከምዘለው ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።
መላእ ዓለም በዚ ኣጋኒፉ ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ምንቅልቃል ንምድሐን ሐቢረን ይሰርሐ ኣብዘለዋሉ እዋን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ህግድፍ ካብ ማሕበረ-ሰብ ተነጺሉ ነዚ ብኩሉ ተደቂሱ ዘሎ ህዝብና ንምድሐን እዚ ዝብሃል ተበግሶ ኣይወሰደን።ሎሚ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ህዝቢታት ኤርትራ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፈ ብጥመት ይሳቀዩ ኣለው። ህግድፍ ብመገዲ መራሒኡ ኣብ ናይ ዓለም ሚድያ ኣብ ሃገርና ጥመት የለን፡ ንሕና ሐገዝ ኣየድልየናንዩ ኣብ ኣፍሪቃ ንሕና ዝሐሸና ኢና ኢሉ መገዲ ጸልማትን ጥፍኣትን ይኸትል ኣሎ።

ስርዓት ህግድፍ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ወሪድዎ ዘሎ ማዕቀብ ካብ ጉጉይ ፖሊሲ ምኽታሉን ምስ ዞባዉ ግብረ-ሽበራዊ ትካላት ብዝፈጠሮ ኪዳን ዘኸተሎ ምዃኑ ርእዩ።
እዚ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘነጻጸረ ዘይፍትሐዊ ማዕቀብ ዘይኮነስ ዓለማዊ ሕጊ ዝጠሐሰ ስርዓት ህግድፍ ብተደጋጋሚ ዝተገብረሉ መጸዋዕታ ጸማም እዝኒ ምስ ሃበን ድሕሪ ነውሕ መጽናዕቲ ዝተወስደ እገዳ ምኻኑ ርእዩ።ምስ ኣብ ሶማል ተፈጢሩ ዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት ከይተወሰነ ኣብ ካልእ ከባቢታት ተመሳሳሊ ስረሐት የካይድ ምህላውን  ኣብ ዳርፎር፣ ደቡብ ሱደን፣ የመን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርቛ ብሊን ስርዓት ህግድፍ ህዝቢ ብምስግዳድን ናይ ሐሶት መብጽዓ ብምሃብን ኣብ ናይ ካልኦት ህዝብታት መሬት ዘካይዶ ዘሎ ናይ ሰፈራ ተግባራት ብትረት ኮኒኑ።ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኣጋጣሚ ተጠቂሞም ተሐባበርቲ ናይ ገበናት ስርዓት ህግድፍ ኮይኖም ዘለው ባእታታት ብዘይ ወዓል ሕደር ተግባራቶም ከቛርጹ ይጽውዕ፡፡ህዝብና ድማ ኣብዚ ናይ ስርዓት ህግድፍ ሰፈራ ተግባራት ከይሳተፉ ኣማሕጺኑ። መንእሰያት መሬት ኤርትራ ከም ዕንቀኡ ጸቢባቶም ስድሮኦምን ሃገሮምን ገዲፎም ንሰደት ኣብ ዘምርሕሉ ዘለው እዋን ኣብ ዶብ ናይ ሱዳን ክነስግረኩም ብምባል ምስ ላዕለዎት ወተሃደራዊ ሐለፍቲ ስርዓት ህግድፍ ብምትሕብባር ዝተፈላለየ መላታት

ብምጥቃም ንመንእሰያት ጅሆ ብምሓዝ ብዶላራት ክኸፈሉ ምስግዳድ ዝኸፍል ሰብ ንዘይብሎም መንእስይ ኢሰብኣዊ ተግባራትን ግፍዒን ከምዝፍጸምን ኣብ ዝላዓለ ጥርዚ ከምዝበጽሔን ርእዩ።

ኩነታት ደንበ ተቃውሞ ኤርትራ ኣመልኪቱ ንዝሰፍሔ ህዝቢን ናይ ተቃውሞ ሓይልታት ኣብ ቃልሲ ንምስታፍ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ንምክያድ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት እዋናዊን ጽቡቅ ጅማሮ ናይ ቅኑዕ መገዲ መኻኑ ተገንዚቡ።ምስዚ አተሓሒዙ ድማ አብ መላእ ዓለም ዘለው ኤርትራውያን መንእሰያት ህዝቦም ንምድሓን ዘካይድዎ ዘለዉ ውደባታት ክተባባዕ ዝግብኦን ምኻኑ ርእዩ።

በዚ ታሪኻዊ አጋጣሚ ወተሃደራዊ ክንፍታት ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፈር ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ከምኡውን ዲሞክራስያዊ ምንቅስቃስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራን ካልኦት አብዚ ዘይጠቀስናዮምን ዘካየድዎ ዘለው ዕውት ወተሃደራዊ ስርሖት አድናቖትና ንገልጽ።

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርጫ ብሊን ብዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕራታትን ጎሽዃሻትን ጻዊዒትን ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ተወለቲ ደቂ ብሄረ ብሊን ንዝተገብረሎም ጻዊዒት ካብ ኢሰያሲያዊ ፋሺዝም ከገላግለና ዝኽእል መድረኽ ዝጠልቦ ስለዝኾነ ሃንጎፋይ ኢሎም ተቐቢሎም ኣአብ ዝቅመጠሉ ዘለዉ ቦታታት ዓለም ነብሶም ሰሪዮም ጉጅለታት ከቑሙ ጀሚሮም ኣለዉ፣፣ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ድማ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ተሳትፎ ህዝቢ ብሊን ክስስንን ክምዕብልን ብዝያዳ እናተመነና ዋናታት ናይ ሆደ ኮይኖም ከሰርሑን ንላቦ።

ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርጫ ብሊን በዚ አጋጣሚ ንጉባኤ ንምክያድ ከም ቀዳማይ ዕማሙ ሰሪዑ ንምስልሳሉ ይሰርሕ ኣሎ። ናይ ህዝብና ኩሉ ሸነኻዊ ተሳትፎን ዝሓትት ዕማም ስለዝኾነ ዓቅምታትና ኣወሃሂድና ክውን ክንገብሮን ንስራሕ።ግዝያዊት ኣካያዲት ሽማግለ ሆደ ምርጫ ብሊን አብ ታሪኽ ህዝብና አገዳሲ ምዕራፍ ናይ ቃልሲ ምኻኑ ስለ ዝእምን ብቀንዱ አብ ናይ ህዝቢ ብሊን ዓቅምታት ተአማሚኑ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ምትሕግጋዝ ናይ ኩሎም መሓዙት ህዝብታት ክግበረሉ ይሓትት።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና፡
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግዝያዊት ሽማግለ ሆደ ምርጫ ብሊን
31-03-2010